# ሓደ ሶማላውን ትሽዓተ ኤርትራውያን
# ስደተኛታት ብሓደጋ መኪና ቈሲሎም

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 12.04.2009

ብዕለት 11 ሚያዝያ 2009 ካብ ወደልሕለው ናብ'ቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከብ መደበር ስደተኛታት ሽገራብ፡ ትወስዶም ዝነበረት መኪና ብዘጋጠማ ሓደጋ ትሽዓተን ኤርትራውያንን ሓደ ሶማላውን ዝርከብዎም ስደተኛታት ንዝተፈላለየ ዓይነት ጉድኣት ተቓሊዖም ከምዝለዉ፡ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

እታ ስደተኛታት ጽዒና ዝነበረት መኪና ምስ ፊት ንፊታ ትመጽእ ዝነበረት ብሽክለታ ድሕሪ ምግጫዋ ከምዝተገልበጠት፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኣረጋጊጾም።

ኣስማት ናይ'ቶም ኣብ'ቲ ሓደጋ ዝቘሰሉ ስደተኛታት ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. ገብራይ ኣብርሃ፡ ካብ ኣውራጃ ኣከለ-ጉዛይ፤
2. የማነ መሓሪ፡ ካብ ኣውራጃ ሰንሒት፤
3. ዓንደማርያም መሓሪኣብ፡ ካብ ኣውራጃ ሰራየ፤
4. ወልደሃንስ መስፍን፡ ካብ ኣውራጃ ሰራየ፤
5. ሙሉጌታ፡ ካብ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ፤
6. ተስፋኣለም የማነ፡ ካብ ኣውራጃ ሓማሴን፤
7. መሓመድ እስማዒል፡ ካብ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ፤
8. ገብረሚካኤል ተኽላይ፡ ካብ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ፤
9. ኣርምያስ ፍቓዱ፡ ካብ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ፤
10. መሓመድ ሓሰን ዓሊ፡ ካብ ሶማል

ኢዮም።